# ኤርትራዊ ህዝባዊ መኸተ

## ዮንሾፒንግ

## ዓምዲ ባህሊ

ባህሊ ነንጸብራቕ ቁጠባዊ ትሕዝቶ ከም ምዃኑ መጠን፡ ብሄራትና ቡኡ መጠን ልሙድን ዝውቱርን ዝኾነ ባህሊ ከምኒ መርዓ ፍትሕ ሓዘን በዓልን ዝክራትን ወዘተ.. ኣሎወን። ምስ መነባብሮን ክሊማ ናይቲ ዝነብረሉ ቦታን ዝዛመድ ከኣ ናይ ኣተሃናንጻ ኣባይትን ኣለባብሳን ፍልልይ ዝረኣየሉ ያታውን ልምዳውን ዋሕዝታት ዝበዝሖ ብሃይማኖታዊ ሕግታት ዝጸንዐ ሓሓሊፉ ጽሑፋዊ ማሕበራዊ ሕግታት ውን የዘውትሩ። ኣብ ምትግባር ውራያትና መርዓ ደኹን ዝክርራትን በዓላትን ወዘተ,, ካብ ቁጠባዊ ትሕዝቶና ዝምጩ በቲ እንነብረሉ ሃገርን ቦታን ዝጽሎ ብምዃኑ ኣብ ወጻእን ውሽጢ ሃገርን እንነብር ኣብ ምምእዛዝ ባህልና ክሳብ ኣተዓባብያ ቆልዓን ውህደት ሓዳርን ገለ ፍልልያት ክህሉ ትጽበዮኳ እንተኾነ ንገለ ባህላዊ ሚዛና ኣጥፊኡ ባህላዊ መንነትና ኣብ ምርሳዕ የእትወና ኣሎ። ንገለ ከኣ በታ ዘዕበየትና ባህሊ ተሸፊና ከም ንተርፍ ይገብረና ኣሎ። ባህላዊ ሚዛኖም ሓልዮም ንኽልተኡ ባህልታት ብነቐፈታዊ ዓይኒ ጠሚቶም ኣብ ክልተኡ ዘሎ ጉድለታት ተቓሊዖም ነቲ ጽቡቑ መዳዩ ሓቝፎም ዝኸዱ ዕዉታት መንእሰያት ግን ኣለዉና። ጸኒሓውን ልምዳውን ባህልና ምስ እንነብርሉ ዘሎና ከባብን ሃገርን ተወሃሂዱ ክሰርሕ ተበጉሶ ወሲዶም ካብ ከተማ *ጎተምበርግ* ተበግሶም ዑደት ኣብ ከተማታት ሽወደን ወለዲ ምስ ደቆም ኣብ ሓደ መኣዲ ብምዕዳም ሰሚናር ኪገብሩ ዝቐነዩ *ንኡስ ዋርሳይ* ዝመጸውዒኦም መንእሰያት ኣብ ሽወደን ዝተወልዱ፡ ተወሊዶም ብሕጻውንቶም ሽወደን ዝኣተዉ፡ *ወድና ጓልና ማዕረ ክብረት ኣሎና* ዝብል ከም ኣርእስቲ ወሲዶም፡ ወለዲ ኣብ ቅድሚ ደቆም፡ ደቆም ከኣ ኣብ ቅድሚ ወለዶም፡ ብጋህዲ ንዝስምዖም ሕፍረትን ፍርሓትን ቀንጢጦም ባህላዊ ጸገማትና ኣብ ምትዕርራይ ብትግሃት ይሰርሑ ኣለዉ። ዓዲምካ ከምዚ ዝኣምሰለ ሰሚናር ክህቡ ምትብብዖም ንባህልና ውን ምትብባዕ እዩ።

ዓወት ንሓፋሽ!!!

መኸተ ኣንጻር ኲሉ ተጻብኦታትና!

ዮንሾፒንግ 21 03 2008